ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 33

ሚያዝያ 2021

## እዚ ለበዳ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ኣብ ዘስፋሕፍሓሉ ዘሎ ግዜ ዝወጸ ሓደሽቲ ሕግታት

**ሎሚ እዚ ለበዳ ዝያዳ ንኸይላባዕ ናይ ግድን ኩሉ ሰብ ክተሓጋገዝ ኣለዎ።**

እዚ ናይ ዓዲእንግሊዝ ዓይነት ኮሮና ቫይረስ ኣብዚ ኣውራጃ ይበዝሕ ኣሎ።ብዝቐልጠፈን ብዝቐለለን ይላባድዕ። ስለዚ እንደገና ተረርቲ ሕግታት ወጽዩ'ሎ። ካብ ዕለት 1 ምያዝያ ክሳብ 16 ጉንበት ክኣ ግብራዊ ይኸውን።

ሎሚ ዋላ'ውን ንኣሽቱ እዮም ዝልከፉ ዘለው። ቁሩብ ጥራይ እኳ ዝሓሙ እንተኾኑ ግን የሙሓላልፉ'ዮም። ኩሉ ሰብ ንኹሎም ሕግታት እንተስዒብዎም ጥራይ'ዩ ነዚ ለበዳ ክንቅንሶ ንኽእል። ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብንቡርን ብርሕቀትን ክመሃሩ'ዮም። ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተትምህርቲ ጽቕጥቅጥ ንኸይፍጠር ለውጢ ክግበር ኣለዎ።

ጽቕጥቅጥ ኣብ ዘለዎ ቦታ እንተኣለኻ ናይ ግድን ናይ ኣፍ ማስኬራ ክትጥቀም ኣለካ። ካልእ ሓዱሽ ሕጊ ከኣ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ክትጎዓዝ እንከለኻ ናይ ግድን ናይ ኣፍ ማስኬራ ክትለብስ ኣለካ። ናይ ኣፍ ማስኬራ ቅሩብ ጥራይ'ዩ ዝሕግዝ ከም ናይ ርሕቀት ምሕላው መተካእታ ከኣ ክትጥቀመሉ የብልካን

ሓደ ግዜ ጥራይ ንጥቀመሉ ቅቡል ናይ ኣፍ ማርኬራ ተተቐም!

እንተሓሚምካ ገዛ ኮፍ ብምባል ተመርመር። ናብ ማእከል ጥዕና ደዊልካ ቆጸራ ሓዝ ። ወይ ኣብ 1177.se ኣቲኻ ቁጸር። እንተሓሚምካ ኩሎም ምሳኻ ዝቕመጡ ሰባት ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም። ልዕሊ 1 ካብ 5 ሰባት ( 21.7%) ካብ ኩሎም ልዕሊ ዕድመ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ተኸቲቦም'ዮም። ኩሉ ሰብ ምስተኸተበ ዝቐለለ ክኸውን'ዩ። ሓኪም ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሊዛ ላበ ሳንደሊን ቅሩብ ክንጽመም ትምሕጸን። ናይ ኣፍ ማስኬራ ቅሩብ ጥራይ'ዩ ዝሕግዝ ከም ናይ ርሕቀት ምሕላው መተካእታ ከኣ ክትጥቀመሉ የብልካን።

### ሓደስቲ ማእከላት ክታበት ብዝቐልጠፈ ክታበት ክህባ ይኽእላ

ሎሚ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ክልተ ዓበይቲ ናይ ክታበት ማእከላት ኣለው። ሓደ ኣብ ካልማር ሓደ ኣብ ቬስተርቪክ ክታበት ምስመጸ ብብዝሒ ምኽታብ ብቕልጡፍ ይካየድ። እንተኾነ ግን ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካን ኣብ ልክዕ ዕድመ ክትህሉ ኣለካን። ግዜኻ ምስ ኣኸለ ኣብ ማእከላት ጥዕና ወይ ኣብዘን ማእከላት ክታበት ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል። ሎሚ ናብ ገዛኹም ካብ ዞባ ካልማር ደብዳቤ ዝተላእኸኩም ጥራይ እኹም ክትቆጽሩ ትኽእሉ። ብዝበለጸ ናይ ክታበት ቆጸራ ኣብ መርበብ ሓበሬታ 1177.se ክትቆጽር ኣለካ። ግን ናይ ማእከል ጥዕናኻ እውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ኩሎም ልዕሊ 60 ዝዕድሚኦም ምስተኸተቡ ኩሎም ዝተረፉ ቆጸራ ክሕዙ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ዝኾነ ደብዳቤ ኣይለኣኽን። ኣብ ክንድኡ ብመወዓውዕታትን ወፍርታትን ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። ካብ ዓምዲ ሓዱሽ ዜና ብዛዕባ ኮሮና እውን ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

### ኣብ Språk-café online እቶ!

ሰሉስ ሰሉስ ቤትንባባትን ኮምፒስ ስቫርያን ብኢንተርነት språkcafé ዝብሃል ናይ ቛንቋ መደብ የዳልው። ኣብኡ ቛንቋ ሽወደን ክትለማመድን ንኻልኦት ክትምህርን ትኽእል! እዚ መተካእታ ንቡር ርክባት እዩ። ናይ ግድንከተመልክት ኣለኻ። ብድሕሪኡ ኣብ ዙም ናይ ዝካየድ ርክብ ሊንክ ክወሃበካ'ዩ። ኮምፒተር ወይ ሞባይል ወይ ኣይፓድ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ናብ ብቛንቋ ሽወደን ጥራይ ዝተጻሕፈ ሓበሬታ ዘለዎ QR-ኮድ ካሜራኻ ኣጽንዕ።

**ንድኳናት ንሓግዞም- ኩሉ ግዜ በይንኻ ዓድግ**

ድኳናት ልዕሊ ዓቕን ብዝሒ ዘለዎም ዓማዊል ብሓባር ክዕድጉ ኣየፍቅዳን። ኣውራጃዊ ባይቶ ድኳናት ሕግታት ንኽስዕባ ይከታተሉ። ግን ዓማዊል'ውን ናይ ግድን ክተሓጋገዙ ኣለዎም። ኩሉ ግዜ በይንኻ ዓድግ! ንእሽቶ ዕሽል ርዱእ'ዩ ክትማላእ ትኽእል ኢኻ: ዓርክኻ ወይ መጻምድኻ ግን ኣብ ደገ ክጸንሕ ተማሕጸኖ!

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**

እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውሰንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

Kalmar kommun

facebook.com/krissamverkan.kalmar